 

## ዎየ ! ዎየ ! ዎየ ከልቅሰልካ ጳውሎስ ሓወየ ...

ውላድ ኣስኪሓ ወዲ ተስፋዝጊ ባህታ
ትዝ እንካበለኒ ስድራና ከላ ብዕምርታ
እንታይ ታህዋኹ ደኣሉ እዚ ኩሉ ሃተሃታ
ሞት ገዛኻ ኣትያ መብራህቲ ስድራኻ ኣጸልሚታ
ኣቦ ኢልያስ፡ ኣግዓዚ፡ ፊልሞን ዘይብልካ መሰታ
ምሩጽ ኣቦወ ዕጽፊ ዓጸፌታ
ኣሚንካን ደቕኻን እንታይ ይብሉ`ለው ሕጂ ኣብ መወዳእታ
ነዛ ጨካን ሰዓት`ሞ መን ኣሎ ዝዓግታ
ኢዱ የንብረሎም ባዕሉ ክቡር ጌታ።

ምስ`ዛ መልቀስካዶ ክእንፍት ቍንጣሮ
ንድሕሪት ተመሊሰ ኲሉ ክብርብሮ
ህርኩት ሓወይ መምህር ተመሃሮ
ብመንፈስ ቅድስና ዝተሃንጸ በሊሕ ኣእምሮ
ብጸሎት መቝጸርያ መን ክወዳደሮ
ጸናጽል ኣልዒሉ ክድስቕ ከበሮ
ሃሌ ሉያ ኢሉ ንኣምላኽ ኣኽበሮ
ስንቁ ሰኒቁ`ዩ ናብ ገነት ዝጓዓዝ ዘሎ።

ውላድ ኣስኪሓ ወደቦይ ተስፋዝጊ
ወዲ ባህታ`ወ ሰብ ሕልና ሰብ ፍርዲ
ሕውነት ሕላገቶም በትሮም ዘንጊ ሓቂ
ቍሩብ`ዶ ቀልጢፉካ ኣቦይ እዝጊ
ከይዛዘምካዮ ከተማልኦ ዝሓለንካ ዓቢ ባህጊ
በል ቅሰን ናይ ግድን ክፍጸም`ዩ ብደቕኻ ውሉድ ሓድጊ።

ሓውቶም ኀምበለ ከላዕሎ
ሕውነትን ፍቕርን ብኈዕናኑ ከሎ
ሓው ብርሃነ ሓው ጴጥሮስ ሓው ተወልደ ከላዕሎ
ሓው ማሕራይ ሓው ወልደስላሴ ከላዕሎ
ሓው ሰሎሞን ወልደገብርኤል ከላዕሎ
ጥዑም ጊዜ ነይሩ ፍቕሪ ዝዓብለሎ
ምስ ኣሕዋቱ ተመቺኡዎ ሟሚቑ እንከሎ
ብዝርሑ በዝርሑ ከይነውሓኒ ክንደይ ክብሎ
ናትካ ሞትሲ ቀዝሒ`ዩ ዘእቱ እንታይ ኢና ንብሎ።

ኣብ ወዮ ማይ መግደም ምስ ዓባያታቱ
እንዳያ ኪዳነማርያም እንዳ ያዕቆብ ኣኮታቱ
ኣጎስማይ ክብልዎ ይዝከረኒ ክወጽእ ክኣቱ
ሓላይ ማይቤቱ ሓንጋሪ ኣሕዋቱ ኣሓቱ
ዘውደ ቓሉ ንዓበይቲ ንናእሽቱ
ዘይርስዓኒ እቲ ምቕሉልን ርጡብን ዕላላቱ።

ከላዕለንዶ ወየን ደቂ ሕድራይ ሓትነታት እኖታቱ
ለተብርሃን፡ ዑቕባማርያም፡ ከበደሽ፡ ለተንኪኤል ኣዴታቱ
ርእየን ዘይጸገብኦ ጽገሬዳ፡ ጸጋ፡ ንግስቲ ሳንዳታቱ
ብፍቕሪ ናፍቆትን ዝጥምተን በተን ፍሩያት ኣዒንቱ
ኣብ ሕቑፍኣን ዝዓበየ ጸባ ጸገብ ጽያፉ ከቲቱ
ለውሃት ምስ ልቦና ናቱ እያ ናቱ።

ኣኺላዶ ሰዓት ጳውሎስ ሕያዋይ
ልዙብ ዝመልሓስካ ተዋዛያይ
ፈገግታ ገጽካ ፍሽኽታ መሰናያይ
ውላድ ዓዲ ግደ ውላድ ደቂ ሕድራይ
ልሉይ ተግባርካ ቀዳማይ ዳሕራይ።

ጳውሎስ ሓወይ ወድባት ኤርትራ
ውላድ ከርሰው መሬት ምስ ባሕራ
መዐንደሪኡ ጎላጉል ሰሳሕ ጎላጉል ዓላ
ኣብታ መዳሕንቱ ዝተቐበረላ
ሎሚ ክዝክር ብዘይ እንክሒራ
ተማእኪሉ ዝዓበየ ብፍቁራት ስድራ።

ጳውሊሻ ህይወት ሰጊሩዋ ተስፋ ከየቕሃመ
ህርኩት ሰራሕተኛ ለባም ዘለበመ
ኣብዛ መጨረሽታ ተደኒሱ እንተሓመመ
ብዙሕ ቊምነገራት ኣተግቢሩዩ ብፍጻመ።

ሓውየ ምስ በልካኒ ተስፋ ጌረ
ለካስ ደጊሱካ ዝጸንከረ
ህይወትካ ዝቐዝፍ ዝመረረ
ድምጽኻ ክሰምዕ ተሃዊኸ ተወጢረ
ኣይክእልንዩ ምስ በሉኒ ኣምዑተይ ሓሪረ።

ጳውሊሻ ሓወይ ዘይትምለሰሉ መገሻ እንካብ ኮነ
ንውሳነ ኣምላኾሞ እንታይ ክብል ኮይነ
መላእኽቲ ተቐቢሎም የጽልሉኻ ኣብ ድነ
ዘልዓለማዊ ዕረፍቲ ይሃብካ ኣብ ገነት ተዛነ።

ካብ ሓብትኻ ንግስቲ ገ/ዮውሃንስ ምስ ደቃ